TSEGGAY

ሀያ ፍ

ሓጸርቲ ዛንታታት

ንቑልዑን መንእሰያትን

Internationella biblioteket
Stockholms stadsbibliotek
STOCKHOLM

Hsic
uf

ብምንያ ጸጋይ

Scanned by TapScanner

UP

ዝተፈላለየ ሓጸርቲ ዛንታታት ንቑልዑን መንእሰያትን

ብምንያ ጸጋይ

ስእሊ፡ ብንያም ሰሎሞን (ኮብራ)

Scanned by TapScanner

መእተዊ

እዛ መጽሓፍ እዚኣ ዝተፈላለየ ሃንቃቃት ኣስረዲን ሆኻ ዝሓዘት ኢያ። ሆኻ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ኣብ ቱርኪ ይነብር ነበረ ተባሂሉ ይዝንቱ። ሆኻ፣ ዝተፈላለየ ዓይነት ጠባይ ሞዘር ሰብ ኢዩ። ሓንሳእ ለባም፣ ሓንሳእ ዓሻ፣ ሓንስእ ንፉፅ ፈራዲይ፣ ሓንሳእ ኪምሰል ይክእል። ኣብ ቱርኪ ኮሳዕ ሕጂ ብዛዕባኡ ብዙሕ ይዝንቱሎ። መቓብር እውን ኣሎዎ። እቲ መቓብሩ፣ ብችድሚት መፍትሕ ዘሎዎ ማዕጸ ኣሎዎ። ብድሕሪኡ ግን ነቑትሎ። ሓደ ሚ ኣብ ዓመት ሓደ በዓል የብዕሉ ኢዮም። እዚ በዓል'ዚ ናይ ሆኻ መስሓች ነገራት ዚንገረሉ ኢዩ። እቲ ኣዝዩ ዘስሕች ሃንቃ ዝገረ ሰብ ክኣ ይስዕር። እዚ ዚቕጽል ሃንቃቃት ገለ ካብቲ ናይ ሆኻ ሃንቃቃት ተባሂሉ ዚዝንቱ ኢዩ። እዚ ሃንቃቃት እዚ፣ ብዝተፈላለየ እጸሓሕፋን ብዝተፈላለዩ ቋንቋታትን ኣብ ብዙሓት መጺሕፍቲ ተጺሒፉ ኣሎ።

መበገሲ ናይ'ዚ መጽሓፍ'ዚ፣ ንኣብ ሽወደን ዚርከቡ ተመሃር፣ ትግርኛ መምህሪ ኪኸውን ተባሂሉ ኢዩ። ደሓር ግን፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዚርከቡ ትግርኛ ዚምሃሩ መንእሰያት ኪጥቀሙሉ ጽቡቕ ኢዩ ዚብል ሓሳብ ስለ ዝመጸኒ፣ ርእሱ ዝኸኣለ ንእሽቶ መጽሓፍ ክገብር መዲበ። ነቢሶም ኪሕጉሱሉ ክኣ ተስፋ እገብር።

ደራሲት

HOJA: Författare: Minya Tseggay
© Minya Tseggay
Illustrationer Binyam Solomon (Cobra)

UTGIVARE: ADMAS FÖRLAG c/o Ghebre
Hallonbergsv. 19, I
174 53 Sundbyberg, SWEDEN
Tel/Fax 46-8-733 52 86
e-mail mitse@bredband.net

ISBN 91-974017-7-3

Scanned by TapScanner

ሆጃን መንእሰያትን

ሆጃ መላገጺ ኢዩ ነይሩ። ካብዮም ብዙሕ ዜላግጸሎም ዝነበሩ ሰባት መንእሰያት ነበሩ። እዚ ኑዮም መንእሰያት ብዙሕ የሕርቆም ነበረ።

ሓደ መዓልቲ፡ እዮም መንእሰያት ግዲኦም ኬላግጹሉ ተሰማምዑ። እንጊሆም ካብ ገዝኡ ከይወጸ ከሎ ኣርከቡዎ'ሞ፡ "ሆጃ! ሎሚ መዓልቲ ምሳና ሓቢርካ ክትሕንብስ ንዕድመካ ኣለና" በሉዎ።

ንሱ፡ ገለ ነገር ሓሲቦም ከምዘለዉ ተረድኡ። ኪኣብዮም ግን ኣይደለየን። "ሕራይ ክመጽእ'የ" በሎም።

ሆጃ ከም ቁጸራኡ ኣብታ ዝበሉዎ ሰዓት መጸ። ንሳቶም ከኣ ከምቲ ዝተማኸሩዎ፡ ሓሓንቲ እንቋቕሑ ሒዞም መጹ።

ኪሕንብሱ ጸኒሖም፡ ነንዛኦም ዚኸዱሉ ሰዓት ምስ ቀረበ፡ እቶም መንእሰያት ምስጢሮም ኣብ ግብሪ ኬውዕሉ ተጠማመቱ።

ጽንሕ ኢሎም ብሓባር " ቃ! ቃ! ቃ! ቃ! " ኢሎም ቀቐዉ። ካብ ትሕቲ ክዳን መሐንበሲኦም ሓሓንቲ እንቋቕሑ ኣውጽኡ። ምልስ ኢሎም፡ "ሆጃ ንሕና እንቋቕሑ ወሊድና። ንስኻ ደኣ ኣይትወልድን ዲኻ?" ኢሎም ሓተቱዎ።

Scanned by TapScanner



ሆጃ ም'ኸሮም እዚ ከምዝነበረ ተረድኡ። ቀልጢፉ ሓደ ሓሳብ ሓሰበ። ኣእዳዉ ኣልዕል ኣቢሉ ኣብ ጐኑ ገብ ገብ ኣበሎ። ከም ኣርሓ ደርሆ ከኣ ኩ! ኩሉ! ኩ! ኢሉ ነቐወ። እቶም መንእሰያት፡ "ሆጃ! እንታይ ትገብር ኣለኻ?" በሉዎ። ንሱ ከኣ፡ "ከንድ'ዚ ዚኣኸላ ደራሁ ካብ ሃለዋ፡ ናይ ግድን ሓደ ኣርሓ ደርሆ ኪህሉ ኣሎዎ፡" በሎም።

መንእሰያት ሕጂ'ውን ከም ዘላገጸሎም ተረድኡ። ሓፊሮምን ሓሪቆምን ካብቲ ቦታ ከዱ። ሆጃ ከኣ እናሰሓቐ ንገዛኡ ተመልሰ።

Scanned by TapScanner

ሕቶታት

ምሉእ መልሲ ሃቡ፡-

1. ሆጃ መን'ዩ?

2. መንእሰያት እንታይ ሓሰቡ?

3. ስለምንታይ ከምኡ ሓሰቡ?

4. መንእሰያት እንታይ ሒዞም መጹ?

5. ንሆጃ እንታይ በሉዎ?

6. ሆጃ እንታይ ገበረ?

Scanned by TapScanner

እንቋዕ ተኽዲነዮ ኣይነበርኩ


ሓደ ግዜ ሰበይቲ ሆጃ ክዳውንቲ ክትሓጽብ ወዓለት። ነቲ ክዳውንቲ ኪነቅጽ ሰጥሓቶ። ምሸት ምስ ኮነ፡ ነቲ ዝነቐጸ ክዳውንቲ ንገዛ ኣእተወቶ። ነቲ ዘይነቐጸ ከኣ፡ ምእንቲ ነቒጹ ኪሓድር ኣብ ደገ ገደፈቶ። ደኺማ ስለ ዝነበረት ቀልጢፉ ደቀሰት። ሆጃ ኣምስዩ ስለ ዝመጸ፡ ነቲ ተሰጢሑ ዝነበረ ክዳውንቲ ኣይስተባሃለሉን። ትኽ ኢሉ ናብ ዓራቱ ኣትዩ ደቀሰ።

ለይቲ ምስ ኮነ፡ ገለ ገልጠም ኪብል ሰምዐ። ሆጃ ሰራቒ ዝመጸ መሰሎ። ግንጽሉ ኣልዒሉ ንደገ ወጸ። እቲ ተሰጢሑ ዝነበረ ክዳውንቲ ሰብ መሲሉ ተራእዮ። ኬረጋግጽ ኢሉ "መን ኢኻ?" በለ። ዚምልስ ሰብ ግን ኣይነበረን። "እምበኣር እዝስ ናይ ብሓቂ ሰራቒ ኢዩ። ከይቀደመኒ ከሎ ክቕድሞ ኢሉ ተኮሰሉ።

ሰበይቱ ተኹሲ ሰሚዓ ተበራበረት። ቀስ ኢላ፡ "ሆጃ! ሆጃ!" በለት። መልሲ ግን ኣይረኽበትን። ቀስ እናበለት ንደገ ወጸት። ሆጃ ኸኣ ኣብኡ ጸንሓ። ሰንቢዳ፡ "ደሓን ዲኻ?" በለቶ።

- ደሓን'የ፡ ሰረቕቲ ደኣ ኣትዮምና ነይሮም እምበር።
  ሕጂ ግን ኣይትሰከፌ ረኺበዮም'የ፡
- ኣንታ! ኣበይ ዘለዉ ሰረቕቲ?
- እዋእ ኣይትርእይን ዲኺ? ኣብ ቅድመኺ እንዶ ኣይንሀዉለን!

Scanned by TapScanner



- እዋእ ኣዚ ደኣ ክሓጽቦ ዝወዓልኩ ክዳውንቲ
እንድዩ! ንዕኡ ኢኻ ተኩሲካሉ? እናበለት፡

Scanned by TapScanner

ቅርብ ኢላ፡ በቲ ዝነበረ ብርሃን ወርሒ፡ ነቲ ክዳውንቲ ረአየቶ። “እዋይ ዝገደፍካሉ የብልካን፡” በለቶ። ሆጃ፡ ኬረጋግጽ ኢሉ ቅርብ ኢሉ ረአዮ። ብርግጽ ክዳኑ ከምዝኾነ አመነ። ነቲ ብግንጽል ዝተበለዐ ክዳኑ ከኣ ረአዮ። ጽንሕ ኢሉ ተንበርኪኹ ኪጽሊ ጀመረ።



Scanned by TapScanner

ሰበይቱ ገሪሙዋ፡-

- ሕጂኸ እንታይ ትገብር ኣለኻ?
- እጽሊ!
- እንታይ ኢልካ ኢኻ እሞ ትጽሊ? ሕጂ ኸእ እዋን ጸሎት ኣይኰነን?
- ስምዒ! ኣነ እዛ ክዳን ተኸዲነያ ነይረ እንተገኸውን ጽባሕ ክትቀብርኒ ምወዓልኪ ኔርኪ። ሕጂ ግን ተኸዲነያ ስለ ዘይነበርኩ ኣይሞትኩን። ስለዚ ኸኣ ንኣምላኽ ኣመስግኖ ኣለኹ።

ሰበይቲ ሆጃ፡ ኣመል ሰብኣያ ስለ እትፈልጥ ክትታረኽ ኣይደለየትን። "በል ጸሊ። ኣምላኽ ክኣ ይቀበለልካ።" ኢላቶ ንገዛኣ ኣተወት። ይብሃል።

መልሱ፡-


1. ሰበይቲ ሆጃ እንታይ ክትገብር ወዓለት?
2. ነቲ ክዳውንቲ ስለምንታይ ኩሉ ዘየእተወቶ?
3. ሆጃ ንገዛኡ እንታይ እዋን መጸ?
4. ሆጃ ለይቲ እንታይ ገበረ?
5. ስለምንታይ ከምኡ ገበረ?
6. ሆጃ ስለምንታይ ኪጽሊ ጀመረ?

Scanned by TapScanner

ሆጃን ለማንን

ሆጃ ሓንቲ አረጊት ገዛ ነበረቶ። ክረምቲ ኰይኑ ማይ ወቐዐ። እቲ ዚንጎ ናይቲ ገዛ ነኺል ነበሮ። ማይ ኬንጥብ ከአ ጀመረ። ሆጃ፡ ነዚ መዐረዩ ዚኸውን ገንዘብ አይነበሮን። ስለዚ፡ ከይፈተወ ባዕሉ ኬዐርዮ ደየበ። እንዳ አዐረየ ከሎ፡ ሓደ ሰብአይ አብ ታሕቲ ኰይኑ ጸወየ።

- ሆጃ! ሆጃ!
- አ.ሂ! እንታይ አ.ልካኺ?



Scanned by TapScanner

- ንዓ እሞ ውረድ ክነግረካ!

- ኣብዚ ከለኹ ዘይትነግረኒ!

- ዓው ኢልካ ዚዝረብ ኣይኰንን።

ሆኛ ቅጭ እንዳ መጸ ወረደ።

- በል ቀልጥፍ፡ እቲ ዓው ኢልካ ዘይንገር ቑምነገርካ ንገረኒ።

- ሆኛ! ሎሚ መዓልቲ ዋላ ሓንቲ ነገር ኣይበላ ዕኩን። ብዙሕ ጠምየ ኣለኹ። ኣብ ገዛ መጣቢ የብለይን። ከይገዝእ ከኣ ገንዘብ የብለይን። በኛ'ንደ ደንግጸለይ። ቑሩብ ገንዘብ ሃበኒ!

- ነዚ ኢኻ ካብ ላዕሊ ኣውሪድካኒ? እዚ ኢዩ ዓው ኢልካ ዘይዝረብ?

-

- እወ! ካልኦት ሰባት ኪሰምዑኒ ኣይደለኹን።

-

- በል ንዓ ቅድም ምሳይ ደይብ፡

-

እቲ ሰብኣይ፡ እምበኣር ኪህበኒ ኢዩ ኢሉ ተሓጐሰ። ምስኡ ከኣ ናብቲ ናሕሲ ደየበ። ኣብኡ ምስ በጽሑ፡

Scanned by TapScanner



- በል ገንዘብ የብለይን። ገንዘብ እንተ ዚህልወኒ ገዛ ዜወሪ ሰብ መምጻእኩ። ስለዚ ክህበካ ኣይክእልን'የ።

- እዚ ካብ ኩነ መልሰኻ ደኣ ስለምንታይ ምሳይ ደይብ ኢልካኒ?

- ክትሓተኒ ኢልካ ካብ ኣውረድካኒ፡ ምእንቲ ክምልሰልካ ከደይበካ ነይሩኒ፡ በሎ ይብሃል።

Scanned by TapScanner

ምሉእ መልሲ ሃቡ፡-

1. ሆጃ እንታይ ይገብር ነበረ?

2. ኣበይ ኰይኑ ይሰርሕ ነበረ?

3. እቲ ሰብኣይ ኣበይ ኰይኑ ጸወየ?

4. እቲ ሰብኣይ ንሆጃ እንታይ ግበር በሎ?

5. ሆጃ እንታይ ገበረ?

6. ሆጃ ምስ ወረደ፡ እቲ ሰብኣይ እንታይ በሎ?

7. ሆጃ፡ ነቲ ሰብኣይ እንታይ መለሰሉ?

8. ደሓር እቲ ሰብኣይ እንታይ ገበረ?

9. ሆጃ ስለምንታይ ከምኡ ገበረ?

10. ሆጃ ጽቡቕ ዶ ገይሩ ይመስልኩም? ስለምንታይ?

Scanned by TapScanner

ሆጃ ኣእዱግ ይሸይጥ

ሓደ መዓልቲ ሆጃ ኣእዱግ ሒዙ ናብ ዕዳጋ ወረደ። ኩን ኣእዱግ ከኣ ብኣገዩ ሕሱር ዋጋ ሸጠን። ዜድልዮ ነገራት ገዚኡ ብእዋኑ ናብ ገዛኡ ተበገሰ።

ነዚ ዘስተውዓለ ሃብታም ነጋዳይ፡ "ስማዕ'ስኪ ሆጃ! ኣነ ካባኻ እህብትም። ቀለብ ኣእዱገይ ዚኽውን ሓሰር ካብቶም ጐረባብተይ ሓረስቶት እሰር'ቕ። ንሰራሕተኛታተይ ብቑሩብ ገንዘብ ኣስርሐም። እዚ ኹሉ እናገበርኩ ግን፡ ኣእዱገይ ከምዚ ናትካ ብሕሱር ዋጋ ክሸጠን ኣይክኣልኩን። እዚ ዘየዋጽእ ዕዳጋ ኢዩ። ንስኻ ከመይ ጌርካ ብኽምኡ ሸጥካየን?" ኢሉ ሓተቶ።



Scanned by TapScanner

ሆጃ ቅድም ፍሽኽ በለ። ደሓር፡ "እቲ መልሲ ቀሊል ኢዩ። ንስኻ ቀለብ ኣእዱግን ደሞዝ ሰራሕተኛታትን ኢኻ ትሰርቕ። ኣነ ግን ኣእዱግ ኢየ ዝሰርቕ፡" በሎ።

ምሉእ መልሲ ሃቡ?

1. ሆጃ እንታይ ሸይጡ?

2. ብኽመይ ሸይጡወን?

3. ኑቲ ገንዘብ እንታይ ገይሩዎ?

4. እቲ ነጋዳይ ንሆጃ እንታይ ኢሉ ሓቲቱዎ?

5. እቲ ነጋዳይ እንታይ'ዩ ዚሰርቕ?

6. ሆጃ ኑቲ ነጋዳይ እንታይ ኢሉ መሊሱሉ?

Scanned by TapScanner

ሆጃ ከም ፈራዳይ

ሓደ ግዜ፡ ሓደ ድኻ ሰብኣይ ነበረ። እዚ ሰብኣይ ንዕዳጋ ገጹ ይኸይድ ነበረ። ኪኸይድ ከሎ ብጥቓ ሓንቲ ቤት መግቢ ሓለፈ። ብሽታ ናይቲ መግቢ ከኣ ኣፉ ማይ መልኣ። ቅርብ እንተበለ፡ በቲ መስኮት ትኪ ኪወጽእ ረኣየ። እቲ ትኪ ናይቲ ዚቕሎ ዝነበረ ስጋ ነበረ። ነታ ዝነበረቶ ቀራስ ቅጫ ኣውጺኡ ኣብቲ ትኪ ጸለዋ። ቀሩብ ኣሸትት ኣበላ። ደሓር ኪበልዓ ጀመረ። ዝመቀረት ኩይና ከኣ ተሰመዐቶ።



Scanned by TapScanner

ከምዚ ኪገብር ከሎ፡ እቲ ዋና እንዳ መግቢ ይዕዘበ ነበረ። በሊዑ ክሳዕ ዚውድእ ተጸበዮ። እቲ ሰብኣይ ቅጫኡ በሊዑ ኪኸይድ ተበገሰ። ሸዑ እቲ ዋና እንዳ መግቢ ደው ኣበሎ። "ኣታ ቀሪራስ ቅጫኻ ኣብዚ ትኪ ናይ ዝተቐልወ ስጋይ ጸሊኻ ካብ በላዕካያ፡ እቲኻ ከም ዝበላዕካ ኢዩ ዚቕጽር። ስለ'ዚ ወይ ክፈል ወይ ከኣ ናብ ቤት ፍርዲ ንዓናይ" በሎ።

እቲ ድኻ ሰብኣይ ዚኸፈል ገንዘብ ኣይነበሮን። እተን ዝነበራኦ ገንዘብ ንስድራኡ ቀለብ ኪገዝእን ዝሓሰበን ኢየን።

- ኣነ ገንዘብ እንተ ዚህልወኒ ኣትየ፡ ከፈለ ምበላዕኩ ነይረ። ግን ኣብ ቤት መግብኻ ኣትየ ኣይበላዕኩን። ገንዘብ ከኣ የብለይን። ስለ'ዚ ኣይከፍልን'የ።

- እስኪ ጁባኻ ኣርእየኒ! ገንዘብ ዘይብልካ ደኣ ስለምንታይ ንዕዳጋ ትወርድ ኣለኻ?

- ኣነ ቀለብ ስድራይ ክገዝእ ንዕዳጋ እወርድ ኣለኹ። እተን ዘለዋኒ ገንዘብ ከኣ ቀለብ መግዚኢ እምበር ንዓኻ ዚኸፈላ ኣይኮናን።

- ኣምበኣር ገንዘብ ከለካ ምኽፋል ካብ ኣበኻ፡ ንዓናይ ናብ ቤት ፍርዲ። ተተሓሒዞም ናብ ቤት ፍርዲ ከዱ።

ኣብ'ቲ ቤት ፍርዲ ዝጸንሐም ፈራዳይ ሆጃ ነበረ። ሆጃ ነቲ ዛንታ ጽን ኢሉ ሰምየ። ነቲ ድኻ ሰብኣይ፡-

- እተን ዘለዋኻ ገንዘብ እሞ ሃበኒ!

- ክቡር ፈራዳይ፡ እዘን ገንዘብ ንቐለብ ስድራይ ኢየን። በጃኹም ኣይትውሰዱለይ። ተጋማየ እንተኹይነ ወይ እሰሩኒ ወይ ከኣ ንሓንቲ መዓልቲ ብዘይ ደሞዝ ከሰርሓሉ ፍረዱኒ፡ ኢሉ ኣበርቲዑ ለመነ።

Scanned by TapScanner

ሆጃ፡ - ደሓን ጥራይ ሃበኪ። ደሓር ክትርእኦ እኽ።
በሎ እቲ ድኻ ሰብኣይ ከደፈተወ እቶን ገንዘብ ሃበ።
ሆጃ ነቶን ገንዘብ አብ ክብዲ አዲኡ ዓመኸን። ነቲ ዋና
ቤት መጣቢ ጸዊዑ፡ አብቲ ጉንዲ እዝኑ ጫሕ! ጫሕ!
አበለሉ። እቲ ሰብኣይ ገረሞ'ሞ ንሆጃ ጠመዮ። ሆጃ ኸኣ
"በል ተኸፈልካ አኽ'ሞ ኪድ ገሪኽ" በሎ።



እቲ ዋና ቤት መጣቢ፡ " ገንዘብ እኮ አይተቐበልኩን"
በለ።
ሆጃ ምልስ አሉ፡ መጣቢ አሸቲትካ ከም ዝበላዕካ
ዚቕጽር አንተድኣ ኮይኑ፡ ጫሕ! ጫሕ! ገንዘብ ለሚዕካ

Scanned by TapScanner

ከአ ከም ዝተኸፈልካ ኪቕጽር አሎዎ። ሕጂ ነዚ ሰብኣይ ላዕልን ታሕትን ከተብል ግዜኡ ኣጥፊእካሉ ኢኻ። ስለ'ዚ አብ ቤት መግብኻ ወሲድካ፡ ከይከፈለ ዝደለዮ መግቢ አብልዓዮ። ወይ ከአ ደሞዝ ሓደ መዓልቲ ክፈሎ" በሎ።

እቲ ዋና ቤት መግቢ ከይፈተወ፡ ነቲ ሰብኣይ ናብ ቤት መግቡ ወሲዱ፡ ጥዑም መግቢ አብሊዑ አፋነዎ፡ ይብሃል።

ምሉእ መልሲ ሃቡ

1. እቲ ሰብኣይ ናበይ ይኸይድ ነበረ?
2. አብ መንገዲ እንታይ ረአየ?
3. እንታይከ ገበረ?
4. እቲ ዋና ቤት መግቢ እንታይ በሎ?
5. ደሓር ናበይ ከዱ?
6. ፈራዳይ መን ነበረ?
7. እንታይ ፈረዶም?
8. እቲ ፍርዲ ቅኑዕዶ ኮይኑ ይረአየኩም?

   ስለምንታይ?

Scanned by TapScanner

ሆጃን ሽምዓን

ሆጃ፡ ሓደ ሃብታም ዓርኪ ነበሮ። ሓደ ምሸት፡ እቲ ሃብታም ሰብኣይ፡ ንሆጃን ካልኦትን ንድራር ዓደሞም። ኩሎም ምስ መጹ፡ ምብላዕ ምስታይ ተጀመረ። ኬዕልሉ ከኣ ኣምሰዩ። ጥቓ ምኻድ ምስ ቀረቡ፡ እቲ ኣብ ደገ ዝነበረ ቍሪ ተዘከሮም። " ኣየ! በዚ ቍሪ"ዚ ከኣ ገዛና ክንከይድ? ቍሪ ስለምንታይ ተፈጥረ...? እናበሉ ኬማርሩ ጀመሩ።

ሆጃ፡ ነዚ ምስ ሰምዐ፡ ኣንታ እንታይ ኴንኩም ተማርሩ። እዚ ደኣ እንታይ ቍሪ ኣሎዎ። ንስኻትኩም ዚኣክል ክዳን ኣሎኩም። ከም ድላይኩም ትበልዑ። ኣብ ውሽጢ ገዛኹም ማሙቕ። ከብድኹም ኩሉሻዕ ምሉእ ቍርስ ንሕና ኣሕሊፍናዮ። ዝባንና ጥርሑ። ከብድና ጥርሑ። ቤትና ቍሪ፡" በሎም።



እዚ ዘረባ'ዚ ነቶም ኣጋይሽ ኣሕረቆም። "ሆጃ! በል እዚ ቍሪ እንተ ዘኸይኑ ዚሰሓን ሓዊ ዘይብልካ ኣብቲ ደገ

Scanned by TapScanner

ሕደር! ሽዑ እንተ ዘይሞትካ ንርኢ~ ገለ ከይኰንካ እንድሕር ሓዲርካ ንሕና ድራር ንጋብዘካ። ምኽኣል ስኢንካ ንገዛ እንድሕር ኣቲኻ ግን እታ ሓንቲ በግዕካ ሓሪድካ ድራር ክትጋብዘና ኢኻ" በሉዎ።

ሆኻ ሀልኽኛ ሰብ ኢዩ። እምብለይ ኪብል ኣይደለየን። እምብለይ እንተ ኢሉ ከም ዝተሳዕረ ከይኑ ተሰመየ። "በሉ ሕራይ፡ ኣበይ ኢኹም ኮፍ ኢለ ክሓድር ትደልዩኒ?" በሎም።



ንሳቶም ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ኦም ኮፍ ኣበሉዎ። ከየታልል ከኣ ኪሕልዉዎ ከምዝኽኑ ነገሩዎ። ንሱ እተን ተኽዲኑወን ዝነበረ ክዳውንቲ ምስ ሓንቲ ንእሽቶ ኮበርታ ተኽዲኑ ኮፍ በለ። ውርጪ ስለ ዝነበረ ኣገዩ ቈረረ። ግን ሀልኽ ሒዙዎ፡ ሓቦ ገይሩ ኮፍ በለ። ኣድጉ ኣብ ጥቓኡ ስለ ዝነበረ ምስኡ ኬዕልል ጀመረ። ምምላስ ምስ ኣበዮ ግን ዕላሉ ኣቋረጸ። ድሕሪ ነዊሕ፡ ድቃስ ወሰዶ።

Scanned by TapScanner

እቶም ኣዕሩኽቱ፡ ንግሆ መጺኦም እንተረአዩዎ ኣብኡ ደቂሱ ጸንሖም። "እዋእ! ሆጃ! ስማዕ'ስኪ፡ ከመይ ጌርካ ከይሞትካ ሓዲርካ?" ኢሎም ሓተቱዎ።

"እንታይ ፈሊጠ፡ ብዘይካ እታ ኣብ ማዕዶ ዝራኣ ዝነበርኩ ሽምዓ ካልእ ብምሉኡ ጸልማት ከም ዝነበረ ጥራይ ኢየ ዝዝክር፡" በሎም።

ንሳቶም ከኣ፡ "እሞ እዚ ደኣ ኣታሊልካ ማለት እንድ'ዩ። ሽምዓ ካብ እትርኢ ሓዊ ስሒንካ ማለት ኢዩ። ስለ'ዚ ተሳዒርካ ኢኻ። ድራር ከኣ ትጋብዘና!" በሉዎ።

ሆጃ፡ ናብ'ቲ ሃብታም ዓርኩ ቀሊሕ በለ። እንተኹነ፡ እቲ ዓርኩ እውን ምስኣቶም ይሰማማዕ ከም ዝነበረ ተረደኣ። "በሉ፡ ኩልኹም ብሓባር ከምኡ ካብ በልኩምሲ ደሓን። ጽባሕ ምሸት ምሳይ ተደረጉ፡" በሎም።

ንሆጃ ብዘረባ ይኹን ብግብሪ ስዒሮሞ ኣይፈልጡን ኢዮም። ሕጂ ግን ዝሰዓሩዎ ኩይኑ ተሰመየም። ብዙሕ ተሓጐሱ። ሆጃ ግን እንዳሰሓቐ ንገዛኡ ከደ። ነቲ ሃብታም ዓርኩ ግን ተቐየሞ።

ንጽባሒቱ ንግሆ፡ ናብቲ ሃብታም ዓርኩ ከይዱ፡ "ንድራር መስርሒ ዚኸውን ዓቢ ድስቲ ስለዘይብለይ በጃኻ ኣለቅሓኒ" በሎ።

እቲ ሃብታም ሰብኣይ ከኣ፡ "ጥራይ ኣድርረና እምበር እንካ፡" ኢሉ ሓንቲ ዕብይ ዝበለት ድስቲ ሃቦ።

ሆጃ፡ ንዓኣ ሒዙ ናብ ቤቱ ከደ። ጽንሕ ኢሉ ግን ሒዙዋ ናብቲ ሃብታም ሰብኣይ ተመልሰ። "ዓርከይ፡ እዛ ድስቲ ኣይትኣኽለንን ኢያ'ሞ ካብኣ ትዓቢ ሃበኒ" በሎ።

እቲ ሃብታም ሰብኣይ ነታ ድስቲ ተቐበላ። እንተረኣያ ግን ኣብ ውሽጣ ሓንቲ ንእሽቶ ድስቲ ጸንሓቶ። "ሆጃ! እንታይ ደኣ ንእሽቶ ድስቲ ኣኣቲኻ ኣምጺእካያ?" በሎ።

Scanned by TapScanner

ሆጃ ከኡ፡ “ ኣነ ኣይኰንኩን ኣእትየላ፡ ንሳ’ያ ወሊዳታ፡” በሎ።

እቲ ሰብኣይ ሰኞ ኢሉ ተቐበላ። ብልቡ ንሆጃ ዘታለሎ ኰይኑ ተሰመየ። ካልእ ዓቢ ድሰቲ ኣምጺኡ ንሆጃ ሃቦ። ሆጃ፡ ድሰቲ ሒዙ ንገዛኡ ተመልሰ።

እዋን ድራር ምስ ኰነ፡ ዕዱማት ኪበልዉ ናብ ኣንዳ ሆጃ መጹ። ሆጃ ከኣ ምንጻፍ ኣንጺፉ፡ ብፍሕሽው ገጽ ተቐበሎም። እታ በጊዕ ግን ኣይተሓርደትን ነበረት። ትጽብይ ምስ ጸንሑ፡ “ ሆጃ! እዛ በጊዕ ደኣ መዓስ’ያ ትሕረድ?” በሉዎ።

“ደሓን እቲ ተቓሚሙ ዘሎ ማይ ምስ ፈልሐ ሽዑ ክትሕረድያ። ሕጂ እንተ ተሓሪዳ እቲ ስጋ ጽቡቕ ኣይከውንን’ዩ፡” በሎም።

መሊሶም ናብ ዕላሎም ኣተዉ። ሆጃ’ውን ምስኣታቶም ኬዕልል ጀመረ። ጸኒሑ ንኽሽነ ኣትዩ ደንጐየ። ኣጋይሽ ብጥሜት ተላሕሱ። ዓቕሎም ምስ ጸበቦም፡ “እሞ ኣንታ ሆጃ መዓስ ኢኻ ተድርረና? ብጥሜት እምበር መትና!” እናበሉ ናብ ክሽነ ኣተዉ። ርእይ እንተበሉ እታ ዓባይ ድሰቲ ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ሽምዓ ተሰኹቲታ ጸንሓቶም። ብዙሕ ሓረቑ።

ሆጃ! ሎምስ ከኣ ብሽምዓ ጌርካ ዓቢ ድሰቲ ማይ ከተፍልሕ? እንታይ ድዩ ወሪዱካ?” በሉዎ።

ሆጃ፡ ፍሽኽ በለ። “ኣነ ብማዕዶ ሽምዓ ርእየ ክመውቕ ዝኽእል እንተ ኾይነ፡ እዛ ሽምዓ ነዛ ድሰቲ ከተፍልሓ ኣሎዋ፡” በሎም።

እቶም ኣዕርኽቱ ኪካትዑዎ ኣይከኣሉን። ግብሮም ከኣ ተፈለጠም። ከብዶም እንዳሓሰዩ ነናብ ቤቶም ከዱ። ሆጃ፡ ምስ ከዱሉ፡ ድራሩ ሰሪሑ በልዐ።

Scanned by TapScanner



ንጽባሒቱ ንግሆ፡ እቲ ሃብታም ዓርኩ መጺኡ፡ “ሆጃ! እታ ዓባይ ድስተይ ኣድልያትኒ’ሞ ሃበኒ፡” በሎ።

ሆጃ፡ “እውይ! ከይነገርኩኻ! ንሳ ደኣ ትማሊ ምስ ከድኩም ሞይታ እንድያ!” በሎ።

“እዋእ፡ ስማዕስኪ ሆጃ! ድስቲዶ ትመውት ኢያ?” በሎ ሕርቃን ሓዊሱ።

ሆጃ ከኣ፡ ሀድእ ኢሉ፡ “እንድሕር ክትወልድ ትኽእል ኩይና፡ ክትመውት ከኣ ናይ ግድን’ዩ፡” ኢሉ ኣፋነዎ ይብሃል።

Scanned by TapScanner

መልሱ

1. ዓርኪ ሆጃ መን ነበረ?

2. ዓርኪ ሆጃ እንታይ ገበረ?

3. እቶም ዕዱማት ንሆጃ እንታይ በሉዎ?

4. ሆጃ ኣብ ምንታይ ሓደረ?

5. እቲ ደገ ከመይ ነይሩ?

6. ኣብ ደገ ሆጃ ምስ መን ኪዕልል ጀመረ?

7. ንግሆ ምስ ኩነ እኒ መን መጹ?

8. ሆጃ እንታይ ኪገብር ጸንሑም?

9. ንሆጃ እንታይ ጌርካ በሉዎ?

10. እንታይ ኪገብር ፈረዱዎ?

Scanned by TapScanner

መወዳእታ ዓለም

ኣዕሩኽ ሆጃ እታ ሓንቲ በጊዑ ሓሪዱ ስለ ዘየድረሮም ሓረቑ። “ እዚ ሰብ’ዚ ኵሉ ግዜ ኬተዓሻሽወና ኪነብር ኣይኰነን። እዛ በጊዑ ከም ገለ ጌርና ክነሕርዶ ኣሎና። እንተ ጠቢስና እንተ ጠጢቕና ከኣ ክንበልዓ ኢና፡” በሉ። ብሓባር ኮፍ ኢሎም ተማኽሩ። ምኽሮም ምስ ወድኡ፡ ንሆጃ ጸውዑዎ።


“ሆጃ! ጽባሕ መወዳእታ ዓለም ኢዩ። ኵልና ክንጠፍእ ኢና። ሎሚ መዓልቲ መወዳእታና ስለዝኾነ ብሓባር ክንሕጐስ ኣሎና። ስለ’ዚ ኣብቲ ግምግም ቀላይ ኴንና፡ እናሓንበስና፡ እናበላዕና፡ እናሰተና ብሰሓቕን ብሓጐስን ክንውድእ ኣሎና። ንሕና ኣባጊዕ የብልናን። ገንዘብ ግን ኣሎና። ሎሚ መዓልቲ ዕዳጋ ዕጹው’ዩ። በጊዕ ክንገዝእ ኣይንኽእልን ኢና። ስለ’ዚ ንስኻ እታ ሓንቲ በጊዕካ ሕረደልና። ንሕና ከኣ ካልእ ዜድሊ ነገራት ሒዝና ንመጽእ፡” በሉዎ።

ሆጃ ከም እተማኽሩ ተረድኡ። ምስኣታቶም ኪበኣስ ስለ ዘይደለየ እምቢ ኪብሎም ኣይከኣለን።። ኣዕሩኽ ዘይብሉ ኪተርፍ ኣይደለየን። ሆጃ ፈታው ዕላልን ሰሓቕን ስለ ዝኾነ፡ ብዘይ ኣዕሩኽ ኪንበር ዚክኣል ኣይመስሎን ነበረ። ስለ’ዚ ከይፈተወ ሕራይ በሎም። ተተሓሒዞም ናብ ግምግም ቀላይ ከዱ። በጊዕ ክትሕረድ ተቐረበት። ሆጃ ብልቡ ሓዘነ፡ ግን ገለ ነገር ኣይተዛረበን። “በሉ፡ ንስኻትኩም ኪዱ ሓንብሱ፡ ክዳውንትኹም ኣብዚ ግደፉም፡ ደሓን ኣነ ክሕልወልኩም ኢየ። ነዛ በጊዕ ከኣ ሓሪደ፡ ጠቢሰ ክቐርበልኩም’የ፡” በሎም።

ንሳቶም ሃብታማት ኢዮም ነሮም። ክዳውንቶም ከኣ ክቡር ኢዩ። ክሕልወልኩም ምስ በሎም፡ ገዲፎምሉ

Scanned by TapScanner

ኪሕንብሱ ከዱ።



ሆኻ ሰራሑ ጀመረ። በጊዕ ተሓርደት ቑሩብ ኣዕጫው ኣምጺኡ ሓዊ ኣጕደ። ስጋ ኪጠብስ ከኣ ጀመረ። እንተኹኑ፡ እቲ ዝቐረቦ ዕንጨይቲ እኹል ኣይነበረን።

Scanned by TapScanner

- “ሆጃ! ክዳውንትና ኣበይ ኣሎ?”
- እቲ ዝኣከብኩዎ ኣዕሚው ምእካል ኣብዩኒ። በቲ ክዳውንትኹም ገይረ ኢየ ጠቢሰያ።
- እዋእ! ኣንታ ሆጃ! እንታይ ኳንካ ከምኡ ትገብር? እቲ ክዳውንቲ ኣዝዩ ክቡር እኮ'ዩ!
- ክቡር ምኻኑ እፈልጥ'የ። ግን እንታይ ኪዓብሰልኩም ኢሉ። ዓለምና ጽባሕ ክትውዳእ'ያ። ካብ ሰኞ ኢሉ ዚጠፍእ በጊዕ እንተጠበስናሉ ይሓይሽ።
- እሞ ንገዛውትና እንታይ ተኸዲንና ክንከይድ? መስሓቕ ሰብ ክንከውን?
- ደሓን ሎሚ ካብ'ዚ ኣምሲና ኢና ንኸይድ። ብጸላም ዚርእየኩም ሰብ የለን። እንተ ረኣዩኹም ከኣ እንታይ ኣሎዎ። ጽባሕ መወዳእታ ዓለም ስለዝኾነ ንሰሓቕ ዚኸውን ግዜ የብሎምን።

ኣዕሩኽ ሆጃ፡ ንሆጃ ኬዐሽውዎ ከም ዘይክእሉ ተረድኡ። እንተ ፈተኑ ከኣ ዓጸፌታኡ ከም ዜዐሽዎም ኣመኑ።

- ሆጃ! ናይ ብሓቂ ስዒርካና። ድሕሪ ሕጂ ምሳኻ ኣይንወዳደርን ኢና። ሕጂ ግን በጃኻ ስተረና። ንሕና ጽባሕ ኣባጊዕ ክንገዝኣልካ፡ ንስኻ ከኣ ከካብ ገዛውትና ክዳውንቲ ኣምጽኣልና። ከም'ዚ'ልና ንገዛውትና ክንከይድ ኣይንኽእልን ኢና።
- እንቋዕ ደኣ ከም ዝተሰዓርኩም ኣመንኩም እምበር፡ ኣነስ ሓንቲ በጊዕ ጥራይ ኢየ ዝደሊ። ኣባጊዕኩም ንዓኻትኩም። ክዳውንትኹም ከኣ ከምጽኣልኩም'የ።

ካብ ገገዛኣም ከይዱ ክዳውንቶም ኣምጽኣሎም። ክዳውንቶም ተኸዲኖም፡ ሲጋኣም በልዑ። ብሓባር ኪስሕቁ ኣምስዮም ነንገዛኣም ከዱ።

Scanned by TapScanner

ምሉእ መልሲ ሃቡ፡-

1. ኣዕሩኽ ሆጃ እንታይ ኣሕረቕም?

2. ደሓር እንታይ ሓሰቡ?

3. ንሆጃ፡ ጽባሕ እንታይ'ዩ በሉም? እንታይ ንግበርከ በሉም?

4. ሆጃ ኣብዩምዶ? ስለምንታይ?

5. ተተሓሒዞም ናበይ ከዱ?

6. ንሳቶም እንታይ ገበሩ?

7. ሆጃኽ እንታይ ይገብር ነበረ?

8. ሆጃ ነታ በጊዕ ብምንታይ ኣብሰላ?

9. እቲ ክዳውንቶም ከመይ ዝበለ ነበረ?

10. ብድሕሪ'ዚ እቶም ኣዕሩኽቱ እንታይ ኮኑ? ንሆጃኽ እንታይ በሉም?

11. ሆጃ እንታይ ኢሉ መለሰሎም?

Scanned by TapScanner

ሆጃን ከብድን

ሓደ እዋን፡ ሆጃ ምሳሕ ተዓዲሙ ናብ እንዳ ሓደ ዓርኩ ከደ። እዝዩ ጥዑም መግቢ ነበረ። እታ ዝያዳ ዝጠዓመት ካብ ጸላም ከብዲ ዝተሰርሐት ቅልዋ ነበረት። ሆጃ፡ በሊዑ ምስ ጸገበ ብዙሕ ኣመስገነ። ነቲ ዋና ገዛ ከኣ፡ እታ ካብ ጸላም ከብዲ ዝተሰርሐት ቅልዋ ከመይ ጌርካ ከም እትስራሕ ሓተቶ። እቲ ዋና ገዛ ከኣ ጽሑፉ ሃበ።

ሆጃ፡ ነታ ወረቐት ኣብ ኢዱ ሒዙ ናብ ዕዳጋ ከደ። ጸላም ከብዲ ገዝኡ። ኣብ ኢዱ ሒዙዋ ከኣ ንገዛኡ ኣምረሐ። እናኸደ ከሎ ብዛዕባ እታ መግቢ ይሓስብ ነበረ። ብሃንደበት ሓደ ሽላ መጺኡ ካብ ኢዱ ቦግ ኣቢሉ



Scanned by TapScanner

መንጠሎ።

ሆጃ፡ ቅድም ሰንበደ። ደሓር ግን ሓረቐ። ጽንሕ ኢሉ፡ እታ ወረቐት ኣብ ኢዱ ከም ዝነበረት ዘከረ። ተረፍ ሕርቕርቆቱ ከኣ፡ "ኣንታ ርጉም ሽላ! መሲሉካ ደኣ'ምበር፡ እታ ከመይ ጌርካ ከም እትሰራሕ እትገልጽ ወረቐትሲ ምሳይ ኢያ ዘላ። ከይትረኽባ ከኣ ዓጺፈ ከቕምጣ ኢየ። እታ ሒዝካያ ዘለኻ ስጋ ክንደ'የኖይ ከይትምቅረካ?" በሎ ይብሃል።

ምሉእ መልሲ ሃቡ፡-

1. ሆጃ ናበይ ከደ?

2. እንታይ ኪገብር ከደ?

3. እታ ዝጠዓመት መግቢ እንታይ ነይራ?

4. ሆጃ እንታይ ኪገብር ደለየ?

5. ካብ ዕዳጋ እንታይ ገዝኣ?

6. ነታ ዝገዝኣ ኣበይ ገበራ?

7. ደሓር እንታይ ኮነ?

8. ሆጃ እንታይ ሒዙ ተረፈ?

9 ኣብ መወዳእታ እንታይ በለ?

10. ሓቂዶ ነሩ ይመስለኩም? ስለምንታይ?

Scanned by TapScanner

ሆጃን ቈቡዕን

ሓደ ግዜ፡ እታ ሆጃ ዚነብረላ ዝነበረ ሃገር ምስ ጐረቤታ ብገለ ነገር ተባኣሰት። እታ ገረቤት ሃገር ሓያልን ዓባይን ኢያ ነይራ። እቶም ሆጃ ዚርከቦም ህዝቢ፡ ውግእ ከይለዓል ፍርሒ ሓደሮም። ስለ'ዚ ከመይ ገይሮም ከም ዝተዓረቹ ሓቢሮም ሓሰቡ። እምበኣር ነቶም ሃገር ሓደ ሰብ ጌርና መልእኽቲ ንስደደሎም ተበሃሃሉ። በዚ ተሰማሚየም፡ እቶም ለባማት ናይ'ታ ሃገር ነታ ደብዳቤ ጸሓፉዋ። ኣብ መወዳእታ መን የብጽሓያ ኰነ። በዚኣ ብዙሕ ተኻትዑ። ሓደ ለባምን ጐራሕን ዚብሎ ዚፈልጥን ሰብ ኪኸውን ኣሎዎ በሉ። በዚ ከኣ ንሆጃ፡ ንስኻ ኢኻ ለባምን ጐራሕን ትብሎ ትፈልጥን እሞ ንዓ ኪድ ኣብጽሓያ በሉዎ። ሆጃ፡ ቅድሚ ሕጂ ትጋገዩ ኣለኹም እሞ ግደፉ ኢሉዎም ነይሩ ኢዩ። ግን ኣይሰምዑዎን። ሕጂ፡ ንዓ ኺድ ምስ በሉዎ ኣይተሓጐሰን። ኣብታ ጐረቤት ሃገር እንታይ ከምዚጸንሐ ተጠራጠረ። ፍርሒ'ውን ሓደሮ። ግን ከም ዝፈርሐ ኪፈልጡዎ ኣይደለየን። ምኽንያት መትረፊ ግን ሓሰበ። ደፊሩ ከኣ፡ - ኣነ ኣይከይድን'የ። ቅድም ዓብየ ኢየ። ብዙሕ መንገዲ ምኻድ ይጽግመኒ ኢዩ። እዚ ደብዳቤ ከኣ ቀልጢፉ ኪበጽሕ ኣሎዎ። ደሓር ከኣ ካልእ ዘየኽይድ ምኽንያት ኣሎኒ። ስለ'ዚ ኣነ ኣይከይድን'የ። ሓደ ጐበዝ መንእሰይ ስደዱ።


- ንዓ ደኣ ኣይፉልካን ሆጃ! ንእሽቶ ሰብ እንተሰደድና ዝነዓቕናዮም ከይመስሎም። ንዓ በጃኻ መሬት ከይመሰየ ተበገስ። ንምኻኑ እንታይ ኢዩ እቲ ካልእ ምኽንያት ኣሎኒ ዝበልካዮ?

Scanned by TapScanner

- ስምዑስኪ! ነቲ ደብዳቤ ባዕልኻ ንበቦ እንተበሉኒ እንታይ ክብል'የ?
- ንበቦ እንተ ኢሉካስ ትነቦ። እንታይ ኣሎዎ።
- እሞ ኣነ ነቢበ ኣይክእልን'የ። ከምኡ እንተ ኢለዮም ከኣ ወይ ዝሓሰኹ መሲሉዎም ኪሓርቁ ኢዮም። ምስ ሓረቑ እንታይ ከምዚገብሩኒ ኣይፈልጥን'የ። ወይ ከኣ ደንቆሮ ኢሎም ኪስሕቑኒ ኢዮም። ኪስሕቑኒ ከኣ ኣይደልን'የ። ስለዚ፡ ሞት ትሹን ኣነ ኣይክይድን"የ።

ሓደ ካብቶም ኣብኡ ዝነበሩ ኣጉባዝ ብድድ ኢሉ፡
- ሆጃ! ነቢበ ኣይክእልን ዲኻ ትብለና ዘሎኻ? ንባብ እንድሕር ዘይትኽእል ኳንካ ደኣ ስለምንታይ እዚ ናይ ሊቃውንቲ ቄቡዕ ኣብ ርእስኻ ጌርካዮ?
- እዚ ወደይ መፍረዲ ሊቃውንቲ ቄቡዕ እንተድኣ ኮይኑ፡ እዛ ቄቡዐይ ንዓኻ ህያብ ሂበካ ኣለኹ። ሕጂ ንስኻ ኢኻ ሊቅ እሞ ኬድካ ኣብጽሓያ።

ወዲ ዚምልሶ ስለ ዝሰኣነ ነታ ደብዳበ ተቐቢሉ ኬብጽሓ ከደ፡ ይብሃል።



Scanned by TapScanner

ዋና ክዳን እደሊ ኣለኹ

ሓደ እዋን ሓደ ፈራዳይ ምሸት በይኑ ይኸይድ ነበረ። እቲ ዝኸዶ ዝነበረ መንገዲ ቦታ መቓብር ነበረ። እናኸደ ከሎ ሰንከልከል በለ። ኣብ ሓደ ተኻዒቱ ዝነበረ መቓብር ከኣ ወደቐ። ኣዝዩ ሰኺሩ ስለ ዝነበረ ኪወጽእ ኣይከኣለን። ኣብኡ ከሎ ድቃስ ወሰዶ። ብድሕሪኡ ሆኻ ብኡ ይሓልፍ ነበር። እናኸደ ከሎ ሰብ ኪሕርንኽ ከሎ ሰምዐ። ንመጀመርያ ኣዝዩ ፈርሐ። ኣብ መቓብር ለይቲ ምድሪ ዚሕርንኽ እንታይ ኩን ይኸውን? ኢሉ ሓሰበ። ደሓር ግን ደፊሩ ቀረቦ። እንተረአየ እቲ ሃብታም ፈራዳይ፡ ክቡር ክዳውንቱ ተኽዲኑ ኣብኡ ደቂሱ ጸንሐ። ሆኻ፡ ሰኞ ኢሉ ኣይከደን። ነቲን ክዳውንቲ ናይ'ቲ ፈራዳይ ሒዙወን ከደ።

ንጽባሒቱ፡ ፈራዳይ "ትማሊ ክዳውንተይ ተሰሪቑ'የ። ስለዚ ነቲ ሰራቒ ደሊኹም ርኸቡዎ፡" ኢሉ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ።

ወተሃደራት ኪደልዩ መዓሉ። ኣጋ ድሕሪ ቀትሪ ኪኸውን ከሎ ንሆኻ ረኸቡዎ። ሆኻ፡ ክዳውንቲ ናይ'ቲ ፈራዳይ ተኽዲኑ ነበረ። "ሆኻ! ክዳውንቲ ሰሪቕካ ኢኻ፡ ሕጂ ናብ ቤት ፍርዲ ንዓናይ፡" በሉዎ። ሆኻ ዋላ ሓንቲ ከይተዛረበ ምስኣቶም ከደ። ኣብ ቤት ፍርዲ ምስ በጽሑ፡ እቲ ፈራዳይ " ስማዕ'ስኪ ሆኻ! እዚ ተኽዲንካዮ ዘለኻ ክዳን ካበይ ኣምጺእካዮ? ናይ መን ኢልካኽ ተኽዲንካዮ? ወይሲ ናተይ ኢዩ ኢኻ ትብል ዘለኻ?" በሎ።

ሆኻ፡ ምልስ ኢሉ፡ "ኣይፋልን ጐይታይ! ትማሊ ብመቓብር ክሓልፍ ከለኹ፡ ሓደ ጽቡቕ ክዳውንቲ

Scanned by TapScanner

ዝተሸደጎ ሰብ፡ ሰሽራ አብ መቓብር ደቂሱ ጸነሐኒ።
መን ምኻኑ አደራሊጥኩምን። ግን ቅድም ካልኦት ሰባት
ብሽዳኑ ከየለልዩም እሞ፡ አሰላማሃ ከሎሰ ሰሽራ
ከይብሉም፡ ደሓር ከኣ ካልኦት ሰረቕቲ፡ መጺኦም ነዞን
ኣዝየን ክቡራት ክዳውንቲ፡ ከደሰርቲሉ አለ አየ
ወሲደየን። ግን መን ምኻኑ ሰለ ዘደራልጠ፡ ባዕሉ
እንተኣለለየን አለ አየ ብሽዲነየን ገዘውር ዘለኻ። ናትካ
ዚብል እንተሎ ከኣ እነሆለ ደውሰደን፡" በሎ።

ወዮ ፈራዳይ ናቲደ'የን ከደብል ሓፈረ። " በል ደሓን
ዋናአን መጺኡ ሃበኒ ክሳዕ ዚብለካ ብሽደነን፡" አለ
አፋነም።

ሆጃ፡ እናሰሓቑ፡ ክቡር ክዳውንቲ፡ ብሽዲኑ ንገዛኡ ከደ።



Scanned by TapScanner



እዚ ወደይ! ምልክት ሊቃውንቲ ቁቡዕ እንተደኣ ኰይኑ ሊቅ ምእንቲ ክትከውን እዛ ቁቡዐይ ንዓኻ ህያብ ሂበካ ኣለኹ።

Printed in Kina
SHENZHEN REIMEAN PAPER PRODUCTS CO., LTD

ISBN

Utgiv

800 35 91 3490 64 AXIELL

Scanned by TapScanner